

Region Gävleborg

# ኣብ ምምሕዳር ክፍሊ-መጥባሕቲ ዚፍጸሙ ነገራት

# ናብ ክፍሊ-መጥባሕቲ ናባና እንኳዕ ብደሓን መጻእካ



**እዚ ጽሑፍ'ዚ ብዛዕባ'ዛቲ ንስኻ ኣብዚ ክፍሊ-መጥባሕቲ እትጸንሓሉ ጊዜ ዘጋጥሙ ነገራት፣ ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ ንዓኻ ሓበሬታ ንምሃብ ዝተዳለወ እዩ።**

ኣብ ቅድሚ መጥባሕቲን ኣብ ቅድሚ መደቀሲን (ናርኮስ) ዘሎ ግዜ፣ ገለ ናይ ምሽቃል ስምዒት ክህሉ፣ ልሙድ ምዃኑ ይርድኣና እዩ። እቲ ተስፋና ግን፣ ኣብኡ እንታይ ከም ዘጋጥም ብድሕሪ ምፍላጥካን፣ ስእሊታት ናይ ክፍሊ-መጥባሕቲ ብድሕሪ ምርኣይካን፣ ናባና ክትመጽእ ከሎኻ፣ ዝበለጸ ቅሳነት ንኽስመዓካ እዩ።

## መግቢ ዘይምብላዕ (ምጽዋም)

ኣብቲ ዕለተ-መጥባሕቲ፣ 6 ሰዓታት ቅድሚ'ቲ ዝተመደበልካ ናይ መጥባሕቲ ሰዓት፣ መግቢ ክትበልዕ ኣይፍቀድን እዩ። ክሳብ 2 ሰዓት ቅድሚ መጥባሕቲ ግን፣ ጽሩይ-ፈሳሲ ኣስታት (200 ሚ/ሊ) ዚኸውን ክትሰቲ ይከኣል እዩ። ጽሩይ-ፈሳሲ ማለት፣ ማይ፡ ሳፍት፡ ሻሂን ቡንን (ብዘይ ጸባ) እዩ። ጽማቕ-ኣራንሺ ግን ጽሩይ-ፈሳሲ ኣይኮነን። ከም ማስቲካ፡ ናይ ጎሮሮ መድሃኒትን ከምኡ ዝኣመሰሉን ከተውግዱ ኣለኩም።
ካልእ ፍሉይ ሓበሬታ ንዓኻ እንተ ዘይተዋሂቡካ፣ ካብ ሰዓት 24፡00 ጀሚርካ ኣይትበልዕን ኢኻ። እንተ ዘይኮነ ግን፣ ኣብቲ እዋን መጥባሕቲ፣ መግቢ ካብ ከስዐኻ ናብ ስንቡእካ ዝኣትወሉ ሓደጋ ከጋጥም ዚኽእል እዩ። ስለዚ ንሕና ከነደቅሰካ ከሎና፣ ከስዐኻ ጥርሑ ክኸውን ኢና እንደሊ። እንተ ዘይኮነ፣ ከቢድ ሓደጋ-ሳንቡእ ከጋጥም ይኽእል እዩ። ኣብ ጊዜ ምድቅሳካ ሓደጋ መታን ከየጋጥመካ፣ ነዞም መምርሒታትና ክትስዕቦም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ነዞም መምርሒታትና እንተደኣ ዘይስዒብካዮም፣ ነቲ መጥባሕቲ ናብ ካልእ ጊዜ ክነመሓላልፎ ክንግደድ ኢና።
ቅድሚ ዕለተ-መጥባሕቲ፣ 6 ሰሙናት ኣቐዲምካ፣ ሽጋራ ምስታይ ጠጠው ክተብል ኣሎካ።

## ምድላው ግላዊ ጽሬትካ

ቅድሚ ናብ መጥባሕቲ፣ ከምቲ መምርሒ መጻውዓታኻ፣ ኣካላትካን ጸጕርኻን ካብ ፋርማቻ ብዚግዛእ ፍሉይ ሳምና ጌርካ ክትሕጸብ ይግበኣካ። ነቲ ኣብቲ ውሽጢ'ቲ ባኮ ዘሎ መምርሒ ተኸተሎ። ኣካላትካን ጸጕርኻን ብፍሉይ ሳምና ጌርካ ምሕጻብ፣ ካብቶም ናይ ቆርበትካ ባክተሪያ ዝከላኸለልካ ኣገዳሲ ነገር እዩ። ኣብ ቆርበትና ብዙሓት ዘይጓድኡ ባክተርያ ኣለዉና፣ ናብቲ ናይ መጥባሕቲ ቁስሊ እንተ ኣትዮም ግን፣ ናይ ረኽሲ ሳዕቤን ከምጽኡ ይኽእሉ እዮም። ኣዝማልቶ፣ ዝለገበ-ጽፍሪ፣ ኩሕሊን ስልማታትን ሰቕርን ወዘተ ኩሉ ካብ ኣካላትካ ክልግስ ኣሎዎ። ምስ መደንዝዚ መድሃኒት ብምትሕሓዝ፡ ምሉእ ጭሕሚ ምንዋሕ ስግኣት ኣለዎ። ብዝተኻእለ መጠን ጭሕምኹም ኣሕጽርዎ።

## መድሃኒታት

ኣብቲ ዕልተ-መጥባሕቲ እንታይ ዓይነት መድሃኒታት ክትወስድ ከምዘድልየካ፣ ኣብቲ ምስ መደቀሲ-ዶክቶር ወይ መደቀሲት-ነርስ እትገብሮ ዝርርብ ክነግሩኻ እዮም።

## ቀቅድሚ መጥባሕትኻ ዘሎ መዳለዊ-ክፍሊ - መጸበዪ-ክፍሊ

ቅድሚ'ቲ መጥባሕቲ ምግባርካ ናብ ሓደ መጸበዪ-ክፍሊ ክትመጽእ ኢኻ። ኣብኡ ካልኦት ዚጽበዩ ሕሙማት ውን ክህልዉ እዮም። ኣብኡ ድማ ሰራሕተኛታት ክፍሊ-መጥባሕቲ ገለ-ገለ ሕቶታት ከቕርባልካ እዮም ንኣብነት፣ ብዛዕባ መለለዪ-ቁጽርኻ፣ መዓስ መወዳእታ ጊዜ ከም ዝበላዕካን ዝሰተኻን፣ ካልእ ሕማምት ወይ ኣለርጂ ምስ ዚህልወካ፣ ወይውን ቅድሚ ሕጂ ብሕክማን ምኽንያት ኣደቂሶምኻ እንተ ኾይኖም እዩ።
እቲ ዝጠብሓካ ዶክቶር፣ ነቲ እትጥበሓሉ ቦታ ብብርዒ ምልክት ጌሩሉ እንተ ኾይኑ ውን ንቆጻጸር ኢና። እዚ ግን ኩሉ ጊዜ ዘድሊ ኣይኮነን።
ብዙሓት ሰባት ብተደጋጋሚ ተመሳሳሊ ሕቶታት ዘቕርቡልካ ክትረክብ ኢኻ። ከምኡ ዘግብረና ምኽንያት ድማ፣ ብዛዕባ መጥባሕትኻ ኩሉ፣ ርግጸኛታት ክንከውን ስለ እንደሊ እዩ።

## መጥባሕቲ ክትገብር ከሎኻ ብቐጻሊ ደሓን ከም ዘሎኻ ንቆጻጸር ኢና

**በዞም ዚስዕቡ ተቖጻጸርቲ-መሳርሒታት እናተሓገዝና**

### መዐቀኒ-ትርግታ/Pusoxymetri

ብሓደ ኣብ ኣጻብዕትኻ ዚለግብ ልስሉስ መንቀርቀር፣ ብቐጻሊ ነቲ ኣብ ደምካ ዘሎ ብዝሒ ኦክሲጅን ይቆጻጸር።

### ኤኮጌ/EKG

ብሓደ ኣብ ኣፍ-ልቢ ዚጥቃዕ ጥብቆ፣ ንልቢ ይቆጻጸር።

### ምቆጻጸሪ ብዝሒ-ደም Blodtrycksmanschett

ብዝሒ ደምካ ብተኸታታሊ ንቆጻጸር ኢና። ኣብ ፍሉይ መጥባሕቲታት፣ ኣብ ጉምቦ ኢድካ፣ ብወገን ታሕቲ ኣብ መገዲ-ደም ብዚኣቱ ገመድ ብቐጻሊ ብዝሒ-ደምካ ንቆጻጸር ኢና።
ካልእ ውን ፐሪፈርሼንካተተር (PVK) ዚበሃል፣ ኣብ መገዲ-ደም መዓጻጽፎ ምናትካ (ኢድካ) ተሰኺዑ፣ ጥብ-ጥብ እናበለ መመገቢ መድሃኒት ዝኾነካ፣ ቀጢን ቱቦ ነእትወልካ ኢና።

## መደንዘዚን ወይ ናርኮስ መደቀሲን

ከከምቲ እትገብሮ መጥባሕቲ፣ ክንጥቀመሎም እንኽእል፣ ዝተፈላለዩ ናይ መደንዘዚን መደቀሲን ናይ መድሃኒት ዓይነታት ኣለዉ። መብዛሕትኡ እዋናት ክልቲኡ ዓይነታት፣ ማለት መደንዘዚን መደቀሲን ብሓደ ንጥቀም ኢና።

## መደንዘዚ ኣብ ዓንዲ-ሕቔ

ኣብ ዓራት ብጐድኒ ደቂስካ ወይ ኣብ ደንደስ-ዓራት ኮፍ ኢልካ እዩ ዚግበር። ሕቖኻ ዕጽፍ ተብሎ'ሞ፣ እቲ ኣዕጽምቲ ዓንዲ-ሕቔኻ ግፍሕ ምስ በለ፣ ሽዑ ብቐሊሉ መርፍእ ንምውጋእ ይቐልል እዩ። እቲ መደቀሲ-ዶክቶር ንሕቖኻ ብኣልኮል ጌሩ ክሓጽቦ ከሎ ዝሕልሕል ይብለካ እዩ። እቲ መደንዘዚ መድሃኒት ድማ ብቐጢን መርፍእ፣ ኣብ መንጎ ኣዕጽምቲ ዓንዲ-ሕቔኻ ይውጋእ። ሽዑ ኣእጋርካ ክትንቀሳቐሶ ኣይትኽእል ኢኻ፣ ዝኾነ ቃንዛ ውን



ኣይስመዓካን እዩ። እቲ መደንዘዚ ካብ 2 ክሳብ 5 ሰዓታት'ዩ ዚሰርሕ። እዚ ዓይነት ኣገባብ'ዚ ኣብ መጥባሕቲ ብርኪ፣ ጎሎን መጥባሕቲ ማሕጸንን ምጥቃም ልሙድ እዩ። እዚ ድማ መደንዘዚ ዓንዲ-ሕቑ ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ።

ኤፒዱራል መደንዘዚ ዚበሃል፣ ኣብ ክብድ ዝበለ መጥባሕቲ፣ ንኣብነት ኣብ መጥባሕቲ-ከብዲ፣ እቲ ቃንዛ ንመዓልታት ክቕጽል ኢዩ ኢልካ ስለ ዚእመን፣ እትጥቀመሉ ዓይነት መደንዘዚ እዩ። ኣብቲ እዋን መጥባሕቲ ብመደቀሲ ኢኻ ትጥቀም። እቲ ኤፒዱራል መደንዘዚ ግን ብድሕሪ ካብ ድቃስ ምብርባርካ ዚወሃብ መደንዘዚ እዩ። ነዚ ዓይነት መደንዘዚ ንምድላው ድማ፣ ኣቐዲምካ ቅድሚ መደቀሲ ናርኮስ ምውሳድካ፣ ኣብ ዓንዲ-ሕቖኻ መደንዘዚ ተጌሩ፣ ሓደ ቀጢን ፕላስቲክ ገመድ ኣብ መንጎ ኣዕጽምቲ-ዓንዲ ሕቖኻ ከም ዚኣቱ ይግበር። እዚ ፕላስቲክ ገመድ ድማ ኣብኡ ይጸንሕሞ፣ ክሳዕ'ቲ ኣድላዪ ዝኾነሉ ግዜ፣ በቲ ገመድ'ቲ ኣቢሉ ከም ዚወሃበካ ይግበር። መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 1 ክሳብ 2 መዓልቲ ኣቢሉ እዩ ዘድሊ። ናይቲ መደንዘዚ ዓቕሚ ክሳዕ ክንደይ ምኻኑ፣ ደጋጊምና ኢና እንፍትኖ።

እዚ ናይ ዓንዲ-ሕቖ መደንዘዚ (ስፓይናል ኤፒዱራል መደንዘዚ) ኣብ ዚግበረሉ ግዜ፣ ፍሕኛኻ ውን ስለ ዚጽሎ፣ ናይ ሽንቲ ምውጣጥ ኣይስምዓካን እዩ። ስለዚ ድማ መታን ብብዝሒ ሽንቲ ከይትውጠር፣ ኣብ ፍሕኛኻ ዚኣቱ ቱቦ-ሽንቲ "ካቴት" ነእትወልካ ኢና። መደንዘዚ ስለ ዝተገብረልካ ግን፣ ነቲ "ካቴት" ክነእትወልካ ከሎና ዚስምዓካ ነገር የልቦን። ኣብዚ (ስፓይናል ኤፒዱራል መደንዘዚ) ንምግባር ኣብ ሕቖኻ ክንወግኣካ ከሎና፣ መታን ሕማቕ ስምዒት ንኸየጋጥመካ፣ መብዛሕትኡ ግዜ፣ ብቐጥታ ኣብ መገዲ-ደምካ ዚኣቱ፣ ኣቐዲምና ብርቱዕ ዝኾነ ፈወሲ-ቃንዛን መህድኢ መድሃኒትን ንህበካ ኢና።

## መደንዘዚ ኣብ ቅልጽም፣ ኣብ መንኩብ ወይ ዳንጋ

ኣብ መንኩብካ፣ ቅልጽምካ ወይ ዳንጋኻ መጥባሕቲ ትገብር እንተ ኼንካ፣ ኣብቲ ግዜ መጥባሕቲን ንገለ ሰዓታት ብድሕሪኡ ዘሎ ግዜን፣ ቃንዛ ክስምዓካ ከም ዘይክእል ጌርና መደንዘዚ ንገብረልካ ኢና። ኣብቲ እዋን'ቲ ኢድካ ወይ እግርኻ ንምቅስቓስ ኣይክትክእልን ኢኻ። ከምኡ ዚገብሮ ድማ፣ እቲ ናይ ናርኮስ-ዶክቶር፣ ኣብ ከባቢ ክሳድካ ወይ ረቃቒቶኻ ወይ ሓላኺቶኻ ዘሎዉ ነርቭታት፣ መደንዘዚ መድሃኒት ስለ ዚወግኦም እዩ። እቲ መደንዘዚ ካብ 10 ክሳብ 16 ሰዓታት'ዩ ዚሰርሕ። መብዛሕትኡ እዋን እዚ ዓይነት መደንዘ'ዚ፣ ኣብቲ መጥባሕቲ ዚግበረሉ ግዜ፣ ምስ ናርኮስ ኣወሃሂድካ ውን ይወሃብ እዩ። እታ መውጋእቲ ናይቲ መደንዘዚ ግን፣ ንናትካ ድሕነት ተባሂሉ፣ ቅድሚ ንስኻ ብናርኮስ ምድቃስካ እዩ ዚፍጸም። ክንወግኣካ ከሎና መታን ሕማቕ ስምዒት ንኸየጋጥመካ ግን፣ ብቐጥታ ኣብ መገዲ-ደምካ ዚኣቱ፣ መህድኢ መድሃኒትን ንህበካ ኢና።

## ናርኮስ - መደቀሲ

እዚ "ናርኮስ" ዚብል ቃል፣ ብሓገዝ ዝተፈላልየ መድሃኒታት ብዓሚቑ ድቃስ ደቂስካ፣ ካብ ስምዒት-ቃንዛ ነጻ ምኻን ማለት እዩ። ብመጀመርታ ኣብ ኣፍንጭኻን ኣብ ኣፍካን እነልግቦ "መተንፈሲ ማስኬራ" ብምግባር፣ ኦክሲጅን ትንፋስ ከም ትስሕብ ይግበር። በቲ ኣብ ኢድካ ኣትዩ ዘሎ፣ "ፐሪፈራል ቬንካቴተር" (PVK) ጌርና ድማ፣ መደቀሲ መድሃኒት ንህበካ። ኣብ ውሽጢ ውሑናት ሰከንድታት ድማ ድቃስ ይወስደካ። ደቂስካ መታን ክትቕጽል ድማ፣ በቲ "ፐሪፈራል ቬንካቴተር" ወይ ድማ በቲ መተንፈሲ ማስኬራ ጌርና ተወሳኺ ናርኮስ መደቀሲ ንህበካ።
ደቂስካ ከም ዘሎኻ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ንቆጻጸሮ ኢና። ኣብ ኩሉ እቲ ግዜ መጥባሕቲ ድማ ኣዕሚቑካ ኢኻ ትድቅስ። ኩሉ ግዜ ናይ ናርኮስ ሓላፍነት ዘለዎም ናይ ሕክምና ሰባት፣ ኣብ ጎድንኻ ሓላፍነት ኣሎዉ።

## ብድሕሪ መጥባሕቲ

እቲ ስራሕ መጥባሕቲ ምስ ኣብቀዐ፣ እቲ መደቀሲ መድሃኒ ጠጠው ከም ዚብል ይግበር እሞ፣ ኣብቲ ቦታ መጥባሕቲ ከሎኻ ካብ ድቃስካ ትበራበር። ከም ሳዕቤን ናይቲ መደቀሲ መድሃኒታት ግን፣ ኣብቲ እትበራበረሉ ግዜ፣ እቲ ዘሎካ ናይ ምዝካር ዓቕምኻ ህስስ ዝበለ እዩ። ብድሕሪኡ ካብቲ ቦታ-መጥባሕቲ፣ ናብ ሓደ መበራበሪ-ቦታ ከም ትውሰድ ይግበር።

## ናይ መበራበሪ-ቦታ



- ብቐጥታ ድሕሪ መጥባሕቲ ናብ መበራበሪ-ቦታ ትውሰድ።

- ኣብዚ ድማ ልክዕ ከምቲ ኣብ ጊዜ መጥባሕቲ ዝግበር ዝነበረ፣ ናይ "ኤኮጌ" ናይ "ብዝሒ-ደም" ከምኡውን "ዓቐን-ኦክሲጅን" ኣብ ደምካ ይዕቀን።

- ብድሕሪ መጥባሕቲ ውን፣ ናይ "ኦክሲጅን ትንፋስ" ከም ዚወሃበካ ይግበር እዩ።

ሰራሕተኛታት ቤትሕክምና፣ መታን ፈውሲ-ቃንዛ፣ "ፈሳሲን" መድሃኒት ናይ "ዕግርግር-ምባልን" ክህቡኻ፣ ኩሉ ግዜ ኣብ ጥቓኻ ኣሎዉ። ብዝተኻእለ መጠን ኩሉ ግዜ ብደሓን መታን ክትህሉ ንጽዕር ኢና።

- ቃንዛ ምስ ዚጅመረካ ኩሉ ግዜ ቀልጢፍካ ክትሕብረና ይግባእ። ቃንዛ ጠጠው ንምባሉ ዝቐለለ፣ ክጅምርካ ከሎ ቀልጢፍካ መድሃኒት ምስ ትወስድ እዩ።

- ኣብቲ ግዜ መጣብሕቲ ድቂስካ ምስ ትነብር፤ ንሓገዝ ትንፋስ ተባሂሉ፤ ኣብ ጎሮኻ ትቦ ኣእቲናልካ ኔርና ክንውን ንኽእል ኢና። ከም ስዕቤኑ ድማ ኣብ ጎሮኻ ገለ ዘቖንዡ ነገርን፤ ኣብ ድምጽኻ ድማ ናይ ምልሕታትን ነገር ክርጋጥም ይኽእል እዩ። እዚ ነገራት'ዚ ግን ብድሕሪ ሓደ መዓልቲ ዚሓዊ ነገር እዩ።

- ኣብዚ ናይ መበራበሪ-ቦታ፤ ዝኾነ ጋሻ ዝበጽሓካ ክኣቱ ፍጹም ኣይፍቀድን እዩ። ዚድወለልካ ቴሌፎን ክትቅበል ወይ ባዕልኻ ቴሌፎን ክትድውል ግን ኩሉ ግዜ ይፍቀድ እዩ። እቲ ቁጽሪ ቴሌፎን ኣብቲ ናይ ወጸዋዕታ ደብዳቤ ተጻሒፉ ክትረኽቦ ኢኻ።

## ኣብቲ መበራበሪ-ቦታ ንኽደይ ዝኣክል ግዜ ክትጸንሕ ይግብኣካ?

- እዚ ከከምቲ ዝገበርካዮ መጥባሕቲን ዝወሰድካዮ ዓይነት መደቀሲ/መደንዘዚ መድሃኒት ዚውሰን እዩ።

- ትርግታ ልብኻ፤ ብዝሒ-ደምካ፤ ኣተናፍሳኻ ኩሉ ብግቡእ ይሰርሕ ከም ዘሎ ክነረጋግጽ ኣሎና።

- ናይ ዓንዲ-ሕቔ መደንዘዚ ወሲድካ ምስ ትኸውን፤ መሓውርካ ብግቡእ ክተንቀሳቕስ ምኽኣልካን፤ እቲ መደንዘዚ ውን ስርሑ ምግዳፉን ክነረጋግጽ ኣሎና።

- ካልእ ተወሰኽቲ ጸገማት፤ ከም ቃንዛን ዕግግር ምባልን ውን ግቡእ ሕክምና ምስ ረኽቡ።

- ዳርጋ ኩሉ እዋን ውን፤ ብድሕሪ መጥባሕቲ ሽንትኻ ብግቡእ ክትክው ከም ትኽእል ክንቆጻጸር የድሊ እዩ። ሽንቲ ክውጥጠካ እንተ ዘይክኢሉ፤ ብ"ኡልትራ-ሳውንድ" ዚበሃል መሳርሒ ጌርና ሽንቲ እንተሎካ ንቆጻጸሮ። ብዙሕ ሽንቲ ኣብ ፍሕኛኻ ምስ ዚህሉ፤ ናብ ሽቓን ንወስደካ። ብዙሕ ግዜ ከም ዚጋጥም፤ ነቲ ሽንቲ ባዕልኻ ክትሸኖ ምስ ዘይትኽእል ግን፤ ነቲ ሽንቲ ንኽወጽእ ንሕግዘካ። ኣብ ገለ-ገለ መጥባሕቲታት፤ ከም ልሙድ ኣብ ውሽጢ ፍሕኛኻ ኣትዩ ዚጸንሕ፤ ናይ ሽንቲ-ቱቦ "ካቴት" ከም ዚህሉ ይግበር እዩ።

- ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ መጥባሕትኻ፤ ካብቲ መጥባሕቲ ዘካየደ ዶክቶር፤ ኣብ ዚጥዕም ኩነታት ናይ ሕክምናኻ ጊዜ ክወሃበካ እዩ።



Region Gävleborg

ናባና
ብደሓን
ምጻእ!

## ሕቶታት ኣሎካዶ?

ናትና ድሌትን ጻዕሪን፤ ኣብቲ ንስኻ ኣብዚ ምሳና እትጸንሓሉ ግዜ ቅሳነትን ጣዕምን ንኽስምዓካ እዩ። ብዛዕባ ዝኾነ ዘይተረድኣካ ነገር ምስ ዚህሉ፤ ንምሕታትና ድሕር ኣይትበል።

ገለ ዘይዓገብካሉ ነገር ምስ ዚህሉ፤ ኩሉ ዓቕምና ዚኽእሎ ጌርና መታን ናይ ምእራሙ ስጉምቲ ክንወስድ፤ ቀልጢፍካ ደኣ ሓብረና።

ብዛዕባ'ቲ ዚግበረልካ መደቀሲ "ናርኮስን" ናይ መደንዘዚ መድሃኒትን ሕቶታት ምስ ዚህልወካ፤ ምስቲ ቅድመ-መጥባሕቲ መቐበል ሕሙማትና ርክብ ግበር። ቁጽሪ ቴሌፎን ኣብቲ ዚልኣኽልካ መጻዋዕታ ክትረኽቦ ኢኻ።

## እዚ ጽሑፍዚ በዞም ዚስዕቡ ቋንቋታት ተተርጒሙ ይርከብ።

- ዓረብኛ
- እንግሊዝኛ
- ፊንላድኛ
- ፐርሽያ
- ስጳኛ
- ሶማልያ
- ትግርኛ

ምስቲ መቐበል ሕሙማትና ርክብ ግበር።

**ኩለን ናይ የቭለቦርይ ዞባ ሆስፒታላት፤ ካብ ሽጋራ ምትካኽ ነጻ እየን።**


**Region Gävleborg**
Gävle sjukhus
80187 Gävle
026-15 40 00 , vxl
rg@ regiongavleborg.se
**regiongavleborg.se**


**Produktion:** Kommunikationsenheten, Region Gävleborg 2018-11, tigrinja.